ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

6 ጥቅምቲ 2018 ግዕዝ
16 oktober 2026
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-670

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡
መንፈሳዊን ሕውነታዊን ሰላምታና ነቕድመልኩም። ኣብ ህይወትኩም ስለምን ጥዕናን ኣብ ሥራሓትኩም ድማ ግስጋስ ንምነየልኩም።

ብህዝቢ ዝተዳለወ ኣኼባ ኣብ ዕለት 3 ጥቅምቲ 2026 ዓምፈ ዘርኣኹሞ ብዝሒን ግዱስ ተሳታፍነትን፣ ዘቕረብኩሞ ሕቶታት፣ ርእይቶታትን ለበዋታትን እንዳ ኣመስገንና፡ ድሕሪኡ ከኣ ቅልጡፍ ዝኾነ ምዕባለታት ስለ ዝተራእየ፡ እነሆ ነዚ ኣምልከትና ሓፈሻዊ እዋናዊ መግለጺን ሓበሬታታትን ንልእከልኩም ኣሎና።
ከም ዝፍለጥ ምስ ምምጻእ ብጹዕ ኣቦና ብጹዕ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ 6ይ ፓትርያርክ ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ናብ ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም፡ ንዝጸንሐ ዘይምርድዳእ መፍትሒ ዝኸውን ውሳኔ ከም ዝወሰኑ፣ ንሱ ከኣ ናይ'ቶም ብፍቓዶም ወጺኦም ዝጸንሑ ውሱናት ሰባት ዳግም ተመሊሶም ኣብ ቤተክርስትያንና ብክርስትያናዊ መንፈስን ሕውነታዊ ሓድነትን ክነብሩ ምእንቲ፡ ንሓደ ኣማእካሊ ሰብ ኣቦና ብዘቕረቡልና መሠረት፡ ብመሥርሕ (ዝተሰማማዕናሉ ሓበራዊ መርሓጒደና ብምውጻእ) ኣብ መውዳእታ ክበጽሕ ተጀሚሩ ክካየድ ጸኒሑ ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣይተፈጸመን (ተቛሪጹ)። ዘይመፈጸሚኡ ምኽንያት ገሊጽናዮ ስለዝነበርና፡ ሕጂ ኣብ ዝርዝር ኣይንኣቱን ኢና። ኣብ ጊዜኡ መልሲ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ብምልኣኽ፡ ነቲ መሥርሕ ናይ ሓድነት ዘቋረጾ ኣማእካሊ ሰብ'ውን ክሲ ከም ዝመሰረትናሉ ዝዝከር ኢዩ። እንተኾነ ግን ናይ ክሲና መልሲ ክሳብ ሎሚ ኣይመጸናን።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ቤተክርስትያንና ዝወረደ ማህረምቲ ናይ ሓደ ኣባል ቢተክርትያንና፡ ኣብ ክንዲ መፍትሒ ምንዳይ ንቢተክርስትያን ዝዓጸወ ንኡስ ሃገረስብከት ኢዩ። ሳዕቤኑ ሓያል ኢዩ። ድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓበ ጊዝያት'ውን ስልጣኑ ብምጥቃም ዘይቅርዕዊን ዘይሕጋዊን ዝኾነ ብትእዛዛዊ መጥቃዕቲታት ዝግለጽ፡ ንኣብነት፥ ንኣባላት ስቲኽቲንግ ፎርም እንተዘይመሊእኩም እዚ ኣይግበረልኩምን ክሳብ ጥምቀት ሕጻውንቲ ከም ዘይካየደሎም ምፍርራሕ ዝተሓወሶ ኣደራዕ ዝመልኦን ኣካይዳ ኣብ ርእሲ ኣባላት ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ምስኡ'ውን ሰበኻ 'ጉባኤ ስቲኽቲንግ ንብረትን ገንዘብን ከየረክቡ ኣብዮም' እንዳ ተባህለ በቶም ተለኣኣኹቶም ጌሮም ፕሮፓጋንዳ ብምንዛሕ ነዚ ኣየር በኪሎሞ ወሪሖም ኣለዉ። ዘንጊ ሓቂ ግን ኣይትሰበርን ኢያ። ብሓደ ወገን እንተጸቐጥካያ በቲ ካልእ ወገን ኢያ እትወጽእ። ስለ ዝኾነ ድማ ነዚ ካብ ቅድሚ 16 ዓመታት ኣትሒዙ ህዝቢ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ክግልገለሉ ዝጸንሐ ታቦት፡ ክእክቡዎ/ክወስዱዎ ዝተገብረ ውዲታትን ሽርሒታትን ክግበር ድሕሪ ምጽናሕ፣ በተን ፊተውራሪ ኰይነን ምስ ምዑታት ሰብኡት (ኣባላት) ዝመከታ ኣዴታት መድሓኔዓለምን ከም ዝፈሸሎም እንዳ ዘከርና፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት'ውን 'ነቲ ታቦት ክንወስዶ/ከነጉዕዞ/ ኢና' ዝብል ቅሉዕ ደብዳበ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከትን፡ ስዒቡ'ውን ናይ ብጹዕ ኣቡነ ጳውሎስ ደብዳበን ተላኢኹ። ነቲ ዝወጠኑዎ ዘይቅኑዕ መደብ ከይፍጽሙ፡ ሰበኻ ጉባኤ ናይ ስቲኽቲንግ ብሕጋዊ መንገዲ ሒዙዎ ከም ዘሎ ክንሕብረኩም ንደሊ።

ብሰንኪ ሕማቕ ምሕደራኦም ኣብ ህዝቢ/ምእመናን ዘውረደዎ ምትፍናንን ምፍልላይን፣ ኣብ ኣባል ቤተክርስትያንና ዘሰዓቦ ማህረምቲን ከመይ ኣሎ፧ ኢሎም ከይበጽሑዎን ከየዘራረቡዎን፣ ንህዝቢ ናብ ሰላም ዘምጽእ ዝኾነ ይኹን ፈተነ'ውን ጌና ከይገበሩን፣ ናይ ሓደ ወገን ብምዃን ነቲ ካልእ ወገን (ንዓና )እንዳ ኣጓነዩ ክኸየድ ዝጸንሐ ዘይሕጋዊን ዘይመንፈሳዊን ኣካይዳኦም፡ ህዝቢ ባዕሉ ዝፈልጦ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ኩነታት መዚኑ (ህዝቢ) ንመሰሉ ጠጠው ኢሉ ክማጐት ሓላፍነቱ'ውን ምዃኑ ከየዘከርና ክንሓልፍ ኣይንደልን።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

The Eritrean Orthodox Church Tewahdo Stichting Medhanie Alem Amstelveen Amstelland




ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland